13,12.08 ዓም

## መልእኽቲ ፡ ሓደ ታሕሳስ መዓልቲ ስዉኣት

ኣብ ጀርመን ,ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት,ኣብ ኤርትራዊ ማእከል ብኣባላት **ሰህኤ ኣብ** ዝተዳለወ መደብ ዝኽሪ ሰማእታት ***ብተስፋማርያም ክብራኣብ*** ዝቐረበ መልእኽቲ።

ዝኸበርኩም ኣጋይሽ
ዝኸበረኩም ኣዳለውቲ መደብ

ኣብዚ ቦታ እዚ ኩልና ደቂ ሃገር ተራኺብና መዓልቲ ስውኣትና ንምዝካር ንዘዳለዉ ብጾት ክቡር ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ ፡ነዚ ኣብ ኣእዳውና ዘሎ ጥዋፍ ወሊዕና ፡ ንድቕድቕ ጸልማት ቀንጢጡ ብርሃን ዘንግስ ፡ ንርሑቕ ዘማዕዱ ፡ ናይ ተስፋን ራህዋን ምልክት ኣብ ሕልና ነፍሲ ወከፍና ህዱእ መንፈስ ኣብ ዝዓሰለሉ ሰዓት ኣብ መንጎኹም ተርኺበ ፡ ነዛ መዓልቲ ስውኣት ሓደ ታሕሳስ ኣመልኪተ ሓጺር መልእኽቲ ከሕልፍ ዕድል ምርካበይ ሓበን ይስማዓኒ የቐንየለይ።

ፍሬ መስዋእቲ ሓርበኛታትና፡ንቅልጽም ባዕዳውያን ገዛእቲ ሰይሩ፡ልዕላውነት ሃገር ከርጋግጽ ኪኢሉ።መንፈስን ዕላማን ሕልምን ናይዚ ክቡር መስዋእቲ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ነጻነቱን ሓርነቱን ጨቢጡ ፡ጣዕሚ ሂወት ዘስተማቅረሉ፡ሰላምን ፍትሕን ዝነገሳ፡ሓንትን ብልጽግትን ዲሞክራሲያዊት ሃገር ንምትካል እዩ ነይሩ።ኣብዚ ተኣኪብና ዘሎና ነዚ ቅዱስ ዕላማ ክዉን ንምግራብ በጃ ህዝቦምን ሃገሮምን ኣብ ፈቐዶ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ንዝወደቑ ዜገታት ንምዝካርን ንምምስጋን ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ሕልሚ ምፍትሑ ንምርኣይ እዩ።ስለዚ ሎሚ ብሓደ ሸንኽ ሰማእታትና እንዝክረሉ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ንመጻኢ ኣነማዕድወሉ መዓልቲ እዩ።

ከምቲ ነፍሲ ወከፍና እንርደኦ ህዝቢ ኤርትራ መስዋእቲ ምኽፋል ካብ ዝጅምሮ፡ ካብቲ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ዝጀመረሉ እዋን ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ጌና ዝቕጽል ዘሎ ግዝያት የጠቓልል።ንስውኣትና ክንዝክር ከሎና ንዕጡቕ ሰራዊትን ንበርገሳዊ ህዝብናን ዝጸምበረ እዩ።ብኣተሓሳስባና ስዉኣት ክንዝክር ከሎና ኣበይን መዓስ ምስ መንን ዝብል ሕቶታት ኣይነቅድምን ኢና።ነዚ ከምዚ ዝእመሰለ ልሙስ ሕቶን ሪኢቶን ንድሕሪት ገድፍና ንኹሉ ነቲ ብሃገሩን ህዝቡን ተገዲሱ ፡ሂወቱ ንመስዋእቲ ዘወፈየ ብተግባር ድማ ዝተሰወኤ እንዝክረላን እነኽብራን ዕለት ምኻና ኢና እንፈልጥ እሞ ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ንመላእ ሰማእታታትና።

ስለምንታይ እዚ ወርሒ ታሕሳስ ተመሪጹ ንዝብል ሕቶ ተሓኤ ሰ.ባ. ነበር ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ዕምቆት ብዘለዎ ኣገባብ መግለጺታት ክህበሉ ጸኒሑ እዩ።ስለዚ ሕጂ ኣብ ታሪኽን ፍጻሜታትን ተመሊሸ ኣብ ዝርዝራዊ መግለጺ ከይኣተኹ ብሕጽር ዝበለ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ንመሬት ኤርትራ ምእንቲ ክብሕቱ ***፡ዓሳ ንምጥፋእ ባሕሪ ምንቃጽ*** ካብ ዝብል ሕሱር ፡ኢ- ሰብእዊ መጎት ተበጊሶም ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ንምንጻት ጃምላዊ ባርባራዊ ቅትለት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ብዘይ ኣውራጃውን ወረዳውን ዓድታትን እንዳታትን ፍልልይ፡ብዘይ ዓለታውን ጾታውን ዕድመን ፍልልይ፡ብዘይ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ንህዝቢ ኣብ መስጊዳትን ቤተ ክርስትያናትን እናኣከቡ ዝረሸንሉን ዓድታት ዘንደደሉን ግዝያት ምንባሩ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ ኣሎ ብምባል እሓልፎ።

ሰውራ ኤርትራ ካብ ዓወት ናብ ዓወት እናተሰጋገረ ንቕድሚት ክስጉም ከሎ መስዋእቲ እናኸፈለ እዩ ኣረጋጊጽዎ።ስለዚ መስዋእቲ ኣብ ዓውደ ውግእ ንዝወደቑ፡ኣብ ከተማታት ብስልክን ብኻራን ዝሃለቑ፡ ኣብ ውሽጢ ገዛውቲ ኣቦታትን ኣደታትን ህጻውንትን ጥኑሳትን ኣብ ማያትን ምድረ-ብዳን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢ ሃገራትን ዝተሰውኡ እዩ

ዝገልጽ።እምበኣር ልዕላውነት ሃገር  ኤርትራ ብመስዋእቲ ደቃ ደኣ እዩ ተረጋጊጹ እምበር በዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መላኺ ወታሃደራዊ  ስርዓት ንበይኑ ዘረጋገጾ ኣይኮነን ። ወይ ውን ከምቲ ዲክታቶራያዊ መራሒ ነጻነት ኣምጺእናልኩም ኢሉ ዝፎክሮን  ንኽብርን ሞኅስን ስዋኣትናን፡ ስንኩላትናን ብዝኽሕድ ቢሂል ኣይኮነን።

ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ክምዚ ኢልና ስዉኣትና ንምዝካር ክንእክብ ከሎና ጎድኒ ንጎድኒ ናይዚ ድማ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታት ይርከብ ንምሕሳብን ምጥምጣምን ዘድልዮ ኣንተኾይኑ ድማ ብስነ- ምግባር ከነስንዮ ዘዘክረና ኣዩ“ሞ፡ ብስንኪ ኣዚ ጨካን ኣራዊት ኣብ ባጽዕ ተዓስኪሩ ዘሎ መላኪ፡ ብዝኽተሎ ዘሎ ግጉይ ፖሊሲ ህዝብና ሰብኣዊ መሰላቱን ነጻነቱን ተሓሪሙ ሃገር  ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተቐይራ፡ ሃገር ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ተነጺላ፡ ህዝቢ ኣደደ ራዕድን ፍርሕን ኮይኑ፡ጥሜትን ሕማምን ኣስፋሕፊሑ፡ዋሕዚ ስደት ገንፊሉ ፡ ኣብ ዝራኣየሉ ዘሎ ኩነታት ኢና ሎሚ እንዝክሮ ዘሎና እሞ ንሕልሚ ስዉኣትና ጋህዲ ንምግባር፡ ነዚ ጠላም መላኺ ስርዓት ንምውዳቕን ብቕዋማዊ ስርዓት ንምትካእን ኩሉ ዓቕምታትና ኣወሃሂዳና ንምቅላስ ሎሚ ካብ ወትሩ ዝያዳ ክንላዓል መልእኽቲ ኣውያት ህዝብና ናባኻትኩም በዚ ኣጋጣሚ የሕልፍ።

ንሕድሪ ስውኣትና  ብተግባር ነሰንዮ
ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ስውኣትና።

የቐንየለይ ብትግዕስቲ ስለ ዝሰማዕኩም።
ተ.ክ.